

# መበል 19 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ኣብ ፍራንፈርት ብኽብ ዝበለ ድምቀት ተጸንቢሉ !



መበል 19 ዓመት ጽምብል በዓል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ብዕለት 24.05.2010 ኣብ ኣደራሽ ሻን-ሹ``ኤሽቦርን-ሱድ`` ብምዕሩግ ኣገባብ ተባዒሉ ፡

ብህዝባውያን ማሕበራት ፍራንክፈርትን ከባቢኡን ዝተወደበ ጽምብል ፡ ልዕሊ 1500 ዓበይትን ንኣሽቱን ዝተሳተፍዎ ኣብ ትሕቲ ``ብስራሕ ንምክት ንግስግስ `` ዝብል ኣዋናዊ ጭርሖ ፡ ዝጸንበልናዮ ዕዉት ናይ ናጽነት በዓልና፡

- ብውሃብቃል ህዝባውያን ማሕበራት ፍራንክፈርትን ከባቢኡን ድሕሪ እናቋዕ ናብ መበል 19 ዓመት ናጽነትና ኣብቅዓና ! እናበለ ናይ ዮሃና መልእኽቱ ንተሳተፍቲ ጽብል ድሕሪ ምስማዕ ፡ ቀጺሉ ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ናጽነታዊ በዓልና ፡ ብነድኢ ምምሕዳር ኣሜሪካ ዝተስገደደ ባይቶ ውድብ ጸጥታ ፡ ብዓንቀጽ 1907/2009 ዝፍለጥ ፡ መርትዖ ዘይብሉ ዘሕንኽ እገዳን ፡ ከይተበገሰ ዝፈሸለን ፡

- እቲ ንመላእ ህዝቢ ዓለም ዘገረመን ፡ ነቶም ንምነባርና ዘይደልዩ ወጮ ፍሽለት ዘጐልበበ ፡ ናይ ዕለት 22.02.2010 ዓውታናን ሕላገት ሓድነትናን ! መሬት ጨዲዱ ፡ ንሰማይ ሰጢጡ ፡ ዳግም ንህዝቢ ዓለም ዘስምዐ ህዝባዊ መኸተና ፡ መበል 19 ዓመት ናጽነትና ምጽምባሉ ፍሉይ ክብርን ኣጋጣምን ሂብዎ ፡

ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ብርሃነ ዘርአ ፡ ንክብሪ ናጽነትን ፡ ንምውሓስ ልዑላውነትን ምርግጋጽ ማሕበራዊ ፍትሕን ፡ ኣመልኪቱ ዘካየድናዮም ቃልስን ፡ ዝኸፈልናዮም መስዋእትን ፡ ዝትዐመ ዘሐብን ዓወታትን ንብድሕሪ ሕጂ ንክዕመሙ ተመዲቦም ዘለዉ ፡ ሰፋሕቲ ሃገራዊ ስርሓትን ፡ ንተሳተፍቲ በዓል ሰፊሕ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ ፡ ንህዝብን ሃገርን ኤርትራ ፡ ሰላምን ምዕባለን ዘለዎ ጽቡቕ ምንዮቱ ድሕሪ ምግላጽ ፡ ንኣረጋጊጽናዮም ዘሎና ዓወታት ትዓቂቦም ነባርነት ክህልዎም ፡ ህዝቢ ፍራንክፈርትን ከባቢኡን ፡ ኣበርቲዑ ክሰርሕን መኸትኡ ከበርትዕን ተማሕጺኑ ፡

ተምሃሮ ቋንቋ ኣደ ማ/ኮ ፍራንክፈርትን ከባቢኡን ፡ ክምኡ'ውን ማ/ኮም ወረዳ ፔተራው ፡ በቲ ንክትሰምዖ ደስ ዘብል ኮርታዕ ኣደማምጻኦም ዘቕረብዎ ግጥምን ካልእ ባህላዊ ሕብረ ብሄራዊ ሳዕስዒትን ፡ ነቲ ጽምብል ፍሉይ ግርማ ሂብዎ ውዒሉ ፡

ድምጻውያን ፡ ኣሮን ኣብርሃ ፡ ረምዴት ኣለም ፡ ኣማኑኤል ገ/ዝግሄር ፡ ኣማኑኤል ብስራትን ፡ ተኸላይ ግደን ካልኦትን ምስ ኤረባንድን " ERIBAND " ፡ መምርጽ ደርፌ እናኣቕረቡ ንተሳታፉይ በዓል ናጽነት ወኑን ሓጐሱን ንክገልጽ ሙዚቃዊ ክእለቶም ኣመስኪሮም ፡ ብተወሳኺ ነቲ በዓል ንምድማቕ ዝተፈላለዩ መሰጥቲ ግጥምታት ቀሪቦም ፡

ኣዴታት ከምወትሩ ከይትሓለላ ፡ ብውሕልና ዝተዳለወ ተመንየን ዝቐረብኦ ሽሻይ ህዝቢ ክዕንገል ብምውዓሉ ፍሉይ ምስጋና ዝግብኣን እዩ ፡

እቲ ካልእ ናይ ሎሚ ዓመት በዓል ናጽነትና ፍሉይ ዝገብሮ ፡ ንፕረስደንት ኣሜሪካ ባራክ ኦባማ ዝኸይድ ፡ ``እምቢ ንእገዳ ``ዝብል መስርሕ ምስዳድ ደብዳቤታት ፡ ህዝቢ ክፍርም ምውዓሉ እዩ ፡

ጽምብል መበል 19 ዓመት በዓል ናጽነትና ብዓወት ተዛዚሙ ፡

ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ነዚ ብርሃን ንክንርኢ ምእንታና በጃ ዝሓለፉ ጀጋኑ ሰማእታትና ፡

ዓወት ንሓፋሽ !

ኣ/ሽ/በዓላት ፍራንክፈርትን ከባቢኡን ፡